ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
ቤት ፅሕፈት ፕረዚደንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ
THE NATIONAL REGIONAL STATE OF TIGRAI
PRESIDENT OFFICE OF THE SUPREME COURT

ቁፅሪ 01/ፕሬ/379/17

ዕለት 28/08/2017

ናብ ኩለን ማእኸለዎት መጋባእያታት ኣብያተ ፍርዲ ክ/ትግራይ

ኣብ ዘለውኡ፣

ናይ ______________ መጋባእያ ብዕሒት

**ዋኒኑ፦ ብዛዕባ ብመጋባእያ ዋኒን ሰበር ላ/ቤ/ፍርዲ ዝተውሃበ መገደዳይ ትርጉም ሕጊ ምልኣኽ ይምልከት ፣**

መጋባእያ ዋኒን ሰበር ላ/ቤ/ፍርዲ ክልል ትግራይ ብኣዋጅ ቁፅሪ 332/2012 ዓንቀፅ 20 (1ን2ን) ብዝተውሃቦ ስልጣን መሰረት መገደዳይ ትርጉም ሕጊ ከም ዝህብ ዝፍለጥ እዩ ። በዚ መሰረት ሰበር መጋባእያ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ ኣብ መ/ቁ.01/2013-1826 ዝሃቦ መገደዳይ ትርጉም ሕጊ ምስ እዚ መሰነይታ ደብዳበ በዓል 8 ገፅ ፍርድን ውሳነን ዝተልኣኸልኩም ምዃኑ ፈሊጥኩም ፣ ኣብ ትሕቴኹም ንዝርከባ መጋባእያታትን ወረዳ ኣብያተ ፍርዲ እውን እናባዛሕኹም ንኽትልእኩለን የተሓሳስብ ።

" ምስ ሰላምታ "

ዶ/ር ፀጋይ ብርሃነ ገ/ተኽለ
ፕሬዚደንት
Tsegai Berhane Ghebretekle (PhD)
President

ቕዳሕ

- ንመጋባእያታት ላ/ቤ/ፍርዲ

TEL 0344-411204,0344-404312 POBOX 328 FAX 0344- 404301

ሰ/መ/ቑ 01/2013-1826

ዕለት 22/8/2017ዓ/ም

ዳያኑ፡-

ፀጋይ ብርሃነ/ዶ/ር/

ልኡል ገ/መድህን

ሓጎስ ተስፋይ

በየነ ወ/ስላሴ

ሰለማዊት ገ/ስላሴ

ፀጋይ ሃይሉ

ታመነ ታፈረ

ኣመልካቲ ፡-ኮምሽን ስነ ምግባርን ፀረ ግዕዝይናን ክልል ትግራይ

ዓ/ሕጊ፦ኣይተ ሞጎስ ዋጋየ ቀሪቡ

ተፀዋዕቲ፦ 1. ኣይተ ገ/የሱስ ኣስራት ኣይቀረቡን

2. ኣይተ ገ/ኪዳን ወ/ሃወርያት ኣይቀረቡን

ጠበቓ ፡-ኣይተ ተኽለ ገ/ሄር ኣይቀረቡን

መዝገቡ ንሎሚ ዕለት ዝተቀፀረ ምክንያት መርሚርካ ብ7ተ ዳያኑ ፍርዲ ንምሃብ እዩ ነይሩ፡፡ በዚ መሰረት ተመርሚሩ እዚ ዝስዕብ ፍርዲ ተዋሂቡ ኣሎ፡፡

## ፍ ር ዲ

ነዚ ፍርዲ መበገሲ ዝኾነ ኣመልካቲ ብቑፅሪ 1142-ኮስፀ-04-13 ብዕለት 14/01/2013ዓ/ም ዕሒፉ ንናይ ዞባ ማእኸል ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ እንትርጮ ብዕለት 26/3/2012 ዓ/ም ኣብ ገ/መ/ቑ 04058 ዝሃቦ ብይንን ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ

መጋባእያ ዋኒን ገበን ብዕለት 16/11/2012ዓ/ም ኣብ ይ/ገ/መ/ቑ 122737 ዝሃቦ ውሳነን ብምቅዋም ዘቕረቦ ጥርዓን እዩ፡፡

ዋና መዝገቡ ክም ዘረድኦ ኣመልካቲ ኣብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዘቕረቦ ኽሲ ተኸሰስቲ ንኣዋጅ ገበን ግዕዝይና ቑፅሪ 881/2007 ዓንቀፅ 32/2/3/ ዝተሓገገ ተማሓላሊፎም 1ይ ተኸሳሲ ብዕለት 8/3/2009 ዓ/ም ዝተፅሓፈ ሓሰተኛ ስራሕ ልምዲ ካብ ደደቢት ሕ/ሽ/ማሕበር ካብ 1996 ክሳብ 2004 ዓ/ም ን8ተ ዓመት ክም ዝሰርሐ፣ 2ይ ተኸሳሲ ድማ ኣባል መሌ ሕ/ሽ/ማሕበር ዘይኮነ እናሃለወ ኣባል ኮይኑ ካብ 1999 ክሳብ 2004 ዓ/ም ን5ተ ዓመት ዝኣክል ክም ዝሰርሐ ብምምሳል ብስም ሃይሉ ክበደን ፅገ ወ/ገርግስን ኮንስትራክሽን ሕ/ሽ/ማሕበር ዝብል ሓሰተኛ ማህተም ብምሕታም ስራሕ መካየዲ ድጋፍ ክም ዝሃቦምን ዝፈረመሎም ብምምሳልን ግብሪ እናኸፈሉ መፅዮም ድጋፍ ይዋሃቦም ዝብል ናብ መተሓባበሪ ግልጋሎት ሓደ ማእኸል ዳኣንት ምምሕዳር ምግቢ ውሕስና ከተማ እንትጮ ሒዞም ኮይዶም ብምትላል እዚ ቤት ፅሕፈት ድማ ነዚ ዝቀረበ መረዳእታ ብምእማን ነቲ ዝተጠቐሰ ስራሕ ልምዲ ድጋፍ ክዋሃቦም ብምግባር እዚ ሒዞም ናብ ቤት ፅሕፈት ኮንስትራክሽን መንገዲ ትራንስፖርትን ወረዳ ኣሕፈሮም ብምካድ ብስም ገ/ዮስስ ኣስራትን ገ/ኪዳን ወ/ሃወርያትን ኮ/ሕ/ሽ/ማሕበር ዝፍለጥ ናይ ኮንስትራክሽን ስራሕ ፍቓድ ደረጃ ትሽዓተ ብምሓዝ ገርሁ ስርናይ 2ይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ኣብ ዘውፅኦ ናይ መምህሪ ክፍሊ ብሎክ ሓደ ጨረታ ብብር 1.443.793.70/100/ሓደ ሚልዮንን ኣርባዕተ ሚኢቲ ኣርባዓን ሰለስተን ሽሕን ሸውዓተ ሚኢትን ቴስዓን ሰለስተን 70/100/ ሰዒሮም ብምውሳድ ዘይግበኦም ጥቕሚ ስለ ዝረከቡ ብገበን ምትላል ተኸሲሶም ዝብል ኽሲ ብመመረጺ ኽሲ ድማ ነዚ ተግባር ብምጥቃስ ንግዕዝይና ገበን ኣዋጅ ቑፅሪ 881/2007 ዓንቀፅ 23/3/2/ ጠቒሱ ኣቕሪብሎም እዩ፡፡

ተፀዋዕቲ ቀሪቦም ኣብ 1ይ ብርኪ መቃወምያ በዚ ኣዋጅ ክኽሰስ ዝግበኦ ሰብ ብዓንቀፅ 4 መሰረት መንግስቲ ሰራሕተኛ ወይ ድማ ሰራሕተኛ ህዝባዊ ትካል ክከውን ይግባእ ንሕና ግን ናይ ውልቀ ሰራሕተኛ ኢና፡፡ ስለዚ በዚ ኣዋጅ ኽሲ ክቀርበልና ኣይግባእን ዝብል ተቓውሞ ኣቕሪቦም እዮም፡፡ ብወገን ኣመልካቲ ድማ እቲ ገበን ዝተፈፀመ ኣብ ልዕሊ ህዝባዊ ትካል ወይ ናይ መንግስቲ ትካል እንተኾይኑ ተፈፃምነት ዘለዎ እዩ፡፡ ስለዚ ኽሲ ክቕፅል ይግባእ ዝብል መልሲ ኣቕሪቡ እዩ፡፡

Tigrai Region President Supreme Court

ነቲ ዋኒን ዝሓዘ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ድማ ገበን ግዕዝይና ኣዋጅ ቁፅሪ 881/2007 ዓንቀፅ 4 ንዝኮነ ይኹን ሰብ እዩ ዝብል፡፡ ይኹን ዳእምበር ተኸሰስቲ ዝተኸሰስሉ ዓንቀፅ 32/1/ ንናይ መንግስቲ ትካል ወይ ንህዝባዊ ትካል ሰራሕተኛ ዝምልከት ጥራሕ ምኻኑ ይሕግግ፡፡ ንኡስ ዓንቀፅ 2ን3ን እውን ኣብ ተሓታትነት ጥራሕ ዝፈለዩ እምበር እዚ ሕጋገ ንዝኾነ ሰብ ከም ዝኾነ ዘቕምጡ ኣይኮኑን፡፡ስለዚ እዚ ሕጋገ ንተኸሰስቲ ዝምልከት ኣይኮነን፣ ብዝምልከቶም ሕጋገ ኸሲ ተማሓይሹ ክቐርብ ይግባእ ብምባል ብይን ሂቡ እዩ፡፡

ኣመልካቲ ነዚ ብይን ብምቅዋም ናብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ መጋባእያ ዋኒን ገበን ይግበኣኒ ዘቕረበ ኮይኑ፣ ይግበኣኒ መዝገብ ዝቐረበሉ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ መጋባእያ ዋኒን ገበን ድማ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ እንትርጮ ኣብ ልዕሊ ሱር ተኸሰስቲ ዝቐረበ ዋና ኸሲ ግዕዝይና ገበን ኣዋጅ ቁፅሪ 881/2007 ዓንቀፅ 32/2/3/ ኣግባብነት የብሉን ኢሉ ኸሲ ክማሓየሽ ምእዛዙ ምስዚ ኣዋጅን ዓንቀፅን ኣዛሚድካ ክርአ ብዝብል የቕርብ ኢሉ ኸትዕ ተኻታዕቲ ወገናት ሰሚዑ ውሳነ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ከፀንዕ ወሲኑ እዩ፡፡

ነዚ ውሳነ ሱር ኣብያተ ፍርዲ ብምቅዋም እዩ ድማ ናብዚ ሰበር መጋባእያ ብኣመልካቲ ጥርዓን ዝቐረበ ሓፂር ትሕዝትኡ ድማ፡-

ኣቀራርፃን ትሕዝቶን ኣዋጅ ገበን ግዕዝይና ቑፅሪ 881/2007 ዓንቀፅ 32 ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ገበን ምትላል ብመንግስታዊ ወይ ድማ ህዝባዊ ትካል ሰራሕተኛ እንትተፈፂሙ ዘኸሰስ ኮይኑ፣ ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 2 ድማ መካበድቲ ክኾኑ ዝኽእሉ ምኽንያታት ዝሕግግ እዩ፡፡ ንኡስ ዓንቀፅ 3 ድማ እቲ ገበን ምትላል ብዝኾነ ይኹን ሰብ ዝተፈፀመ ኣብ ልዕሊ መንግስታዊ ወይ ህዝባዊ ትካል እንተኮይኑ ተፈፃምነት ዘለዎ ሕጊ እዩ፡፡ ምኽንያቱ እዚ ንኡስ ዓንቀፅ 3 ዝሓዞ ተግባር ገበን ቅድም ኢሉ ኣብ ገ/ሕ/ዓ 696 /ሐ/ ብስሩዕ ገበን ሕጊ ዘሕትት ዝነበረ እዩ፡፡ ሐዚ ግና ኣብ ግዕዝይና ገበን ተጠቓሊሉ ዘሎ እዩ፡፡ እዚ ዘረድእ ናይ ሕጊ መውፅኢ ሓሳብ ናይ መንግስቲ ወይ ህዝባዊ ትካል ሰራሕተኛ ዝብል ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተሓገገ ንምድጋም ዘይኮነስ ዓርሱ ዝኽእለ ዓንቀፅ ኣብ መንግስታዊ ትካል ወይ ህዝባዊ ትካል ዝፍፀም ገበን ምትላል ንምሕጋግ እዩ፡፡ ሱር ኣብያተ ፍርዲ ግና እዚ ንኡስ ዓንቀፅ 3 ዝኾነ ይኹን ሰብ ስለ ዘይብል ብዝብል ምኽንያት ኸሲ ክማሓየሽ ምውሳኖም መሰረታዊ ስሕተት ሕጊ ፈፂሞም እዮም፡፡ ብካልእ መዳይ ውን ዝቐረበ ኸሲ ብመማረፂ

ገበን ግዕዝይና ኣዋጅ ቁፅሪ 881/2007 ዓንቀፅ 23/3/ ዝብል ቐሪቡ እናሃለወ መርትዖ ተሰሚዑ ኣበየናይ ዓንቀፅ ይወድቕ ዝብል ክፍለ እናተገበአ ብቀጥታ ኽሲ ክማሓየሽ ምውሳኖም መሰረታዊ ስሕተት ሕጊ ስለ ዝፈፀሙ ይተኣረመለይ ዝብል ጥርዓን ኣቕሪቡ እዩ፡፡

በዚ መበገሲ መዝገቡ ብሰበር ምፅራይ መጋባእያ ተመርሚሩ ኣብ ልዕሊ ተፀዋዕቲ ዝቐረበ ኽሲ ክመሓየሽ ዝተኣዘዘ ዝተኸሰሰሉ ገበን ግዕዝይና ኣዋጅ ቁፅሪ 881/ 2007 ዓንቀፅ 32/3/ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ትካል ዝፍፀም ገበን ምትሳል ብምኽኑ ጥራሕ ስለ ዘይሓውስ ድዩ? ዝብል መቕረቢ ነጥቢ ተታሒዙ ናይ ተኻታዕቲ ክትዕ ድማ ተሰሚዑ እዩ፡፡ ብወገን ኣመልካቲ ዝቐረበ ክትዕ ተመሳሲሉ ከም ዕሑፍ ጥርዓኑ ብምኻኑ ተሓሊፉ ኣሎ፡፡

ብወገን ተፀዋዕቲ ዝቐረበ ክትዕ ድማ ተፀዋዕቲ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ኣይኮናን ፤ ኣብ ኽሲ ዝተጠቀሰ ገበን ግዕዝይና ኣዋጅ ቁፅሪ 881/2007 ዓንቀፅ 32/3/ ንዓና ዝምልከት ኣይኮነን ፤ ምኽንያቱ እዚ ንኡስ ዓንቀፅ 3 ዘሕትት ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ብዝተቐመጠ መሰረት ገበን ምትሳል ዝተፈፀመ ብሰራሕተኛ መንግስቲ እንተኾይኑ እዩ ፤ ዓ/ሕጊ ምስ ገ/ሕ/ዓ 696/ሐ/ ብምጥቓስ ዘቅርቦ ዘሎ ክትዕ ኣብ ኽሲ ዘየለ ሕጊ እዩ ፤ እዚ ኣዋጅ ንዝኾነ ሰብ ንምጥቕላል ሓሳብ እንተዝህልዎ ብግልፂ ዝኾነ ሰብ ብዝብል ሓረግ መቐመጠ ነይሩ ፤ እዚ ኣዋጅ ንመንግስቲ ወይ ህዝባዊ ትካል ሰራሕተኛ ተፈፃምነት ዘለዎ ምኻኑ እውን ካብ ትርጉም ክፍሊ ምርዳእ ስለ ዝካኣል ታሕተወት ኣብያተ ፍርዲ ዝሃብዎ ውሳነ መሰረታዊ ስሕተት ሕጊ ዝተፈፀሞ ስለ ዘይኮነ ክፀንዕ ይግባእ ዝብል ክትዕ ኣቕሪቦም እዮም፡፡

ትሕዝቶን ክትዕን ናይዚ መዝገብ ነዚ ልዕል ክብል ዝተጠቐሰ ዝመስል ኮይኑ፤ የቕርብ ብዝተብሃለሉ ነጥቢ ኣንፃር እንትምርመር እንተሎ ድማ፡-

ኣብዚ መዝገብ መቕረቢ ነጥቢ ዝተገበረን ትርጉም ሕጊ ዘድልዮን ሕጋገ ገበን ግዕዝይና ኣዋጅ ቑፅሪ 881/2007 ዓንቀፅ 32/1/2/3 እዩ፡፡ ብቐጥታ ኣብዚ ዓንቀፅ ትርጉም ቅድሚ ምሃብ ግን ናይዚ ኣዋጅ ዕላማን ተፈፃምነትን ምርኣይ የድሊ፡፡ ኣብዚ ኣዋጅ ኣብ መእተዊ ከም ዝተቐመጠ እዚ ኣዋጅ ዝወፀሉ ዕላማ ገበናት ግዕዝይና ብዘለዎም ተለዋዋጢ ባህሪ ፣ ሕልኽላኽነት ከምኡ እውን ኣብ መንግስትን ሰፊሕ ናይ ህዝቢ ጥቕምን ዝፍፀሙ ገበናት ብምኻኖም ፣ ኣብ ገበን ሕጊ ኢትዮጵያ ዝተቐመጡ ሕግታት ንሕድሕድ ናይ ግዕዝይና

ተግባራት ገበን ዘየጣቓልሉ ብምኻኖም ናይ ባዕሉ ኣዋጅ ክወፆ ግድን ኮይኑ ስለ ዝተረኸበን እዩ:: ብተወሳኺ ኢትዮጵያ ዘፅደቐቶም ኮንቬንሽን ፀረ ግዕዝይና ሕቡራት መንግስታት ፣ ኮንቬንሽን መከላኸልን መቃለስን ግዕዝይና ኣፍሪካ ሕብረት ዝሓቖፎም ገበናት ግዕዝይና ተባሂሎም ዝተቐመጡ ኣብዚ ኣዋጅ ንምጥቓላል ብምሕሳብን እዩ:: ኣብዚ ኣዋጅ ብቀንዱ ክሕቆፉ ዝተደለዩ ተግባራት ገበን ድማ ውልቀ ሰባት ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ወይ ህዝባዊ ትካላት ዝፍፅምዎ ገበን ፣ ሰራሕተኛ መንግስቲ ወይ ሰራሕተኛ ህዝባዊ ትካል ዝፍፅሞ ገበንን እዮም:: ኣብ ዓንቀፅ 2ን ዓንቀፅ 4ን ናይዚ ኣዋጅ ከም ዝተቐመጠ ኣብ ገበን ግዕዝይና ኣዋጅ ክወድቁ ዝተደለዩ ገበናት ብባህሪኦም ኣብ ናይ መንግስቲ ትካል ወይ ህዝባዊ ትካል ዝፍፀሙ ገበናት ብዝኾነ ሰብ እንትፍፀሙ /ገበን ዝፍፀሞ ዘሎ ትካል ብምፍላይ/ ከምኡ እውን ናይ ገበን ፈፃሚ መንነት ሰራሕተኛ መንግስቲ ወይ ድማ ሰራሕተኛ ህዝባዊ ትካል እንትኸውንን እዩ::

ብኻልእ መዳይ ኣብ ተመሳሳሊ ሕጊ ዓንቀፅ 34 ከም ዝሕግጎ ኣብ ገበን ሕጊ ፌዴሪኢ ካብ ዓንቀፅ 1 ክሳብ 237 ዝተቐመጡ ሓፈሻዊ መትካላት ኣብዚ ናይ ገበን ግዕዝይና ኣዋጅ ተፈፃምነት ዘለዎም ኾይኖም፤ ካብዚ ወፃኢ ዘለዉ ሕጋጋታት ገበን ሕጊ ድማ እቲ ተግባር ገበን ኣብዚ ገበን ግዕዝይና ኣዋጅ ዝተጠቓለለ ገበን ተግባር እንትኾይኑ ተፈፃምነት ዝህልዎ እዚ ናይ ገበን ግዕዝይና ኣዋጅ ምዃኑ ካብ ዓንቀፅ 36 ምግንዛብ ዝካኣል እዩ።

እዚ ሓፈሻዊ መትከል ሒዝና ናብ መቕረቢ ዝተገበረ ነጥቢ እንትነምርሕ ኣብ ልዕሊ ተፀዋዕቲ ብኣመልካቲ ዝቐረበ ኽሲ ናይ ገበን ግዕዝይና ኣዋጅ ቑፅሪ 881/2007 ዓንቀፅ 32/3/ መሰረት ዝገበረ እዩ:: ነዚ ኽሲ መበገሲ ዝኾነ ተግባር ድማ ተፀዋዕቲ ኣብ ናይ መንግስቲ ትካል ክቢድ ናይ ምትላል ገበን ፈፂሞም ብዝብል እዩ:: ኣብ ሱር ኣብያተ ፍርዲ ቕቡል ዝተገበረ ፍረ ነገር ተፀዋዕቲ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ወይ ሰራሕተኛ ህዝባዊ ትካል ከም ዘይኮኑን በዚ ሕጊ ኽሲ ዝቐረበሎም ምኽንያት ፈፂሞምዎ ተባሂሉ ዝቐረበ ኽሲ ገበን ኣብ መንግስታዊ ትካል ዝተፈፀመ ብምዃኑን እዩ::ኣብዚ መዕለቢ ክረክብ ዝግባእ ነጥቢ ዓንቀፅ 32 ብዝኾነ ሰብ ኣብ ልዕሊ መንግስታዊ ትካል ክቢድ ገበን ምትላል እንትፍፀም ንዝህልው ታሓታትነት ዘጠቓለለ ድዩ ወይስ ኣይኮነን? ዝብል እዩ:: ዓንቀፅ 32/1/ ከም ዝሕግጎ ዝኾነ ሰራሕተኛ መንግስቲ ወይ ሰራሕተኛ ህዝባዊ ትካል ዘይግብኦ ረብሓ ንባዕሉ ወይ ንኻልእ ሰብ ንምርካብ ሓሲቡ መሳሓሒቲ ዝኾነ ነገር ብምዝራብ ወይ ናይ ባዕሉ መንነት ወይ ኩነታት ብምሕባእ ወይ [illegible] ዝግባእ ነገር

ብምሕባእ ወይ ናይ ካልእ ሰብ ዝተሰሓሓተ እምነት ወይ ግምት ብምጥቓም ብምፍፃም ይኹን ብዘይምፍፃም ንካልእ ሰብ ብምትላል ናይ ባዕሉ ወይ ናይ ካልእ ሰብ ናይ ንብረት ጥቕሚ ዝጎድእ ተግባር ክፍፅም ዝገበሮ እንተኾይኑ ካብ 3ተ ዓመት ክሳብ 10ተ ዓመት ብዝበፅሕ ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ 3000 ክሳብ 30,000 ብር ዝበፅሕ ገንዘባዊ መቕፃዕትን ክም ዝቕፃዕ የቕምጥ፡፡

እዚ ሕጋገ ብሙሉእነት ዓርሱ ዝኽኣለ ሕጋገ እንትኸውን ንኡስ ዓንቀፅ 2 ድማ ኣብዚ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተቐመጠ ባእታ ክም ዘለዎ ተወሲዱ እዚ ተግባር እንትፍፀም ዝተረኸበ ጥቅሚ ዝላዓለ እንተኾይኑ ፤ ኣብ መንግስቲ ወይ ህዝባዊ ትካል ወይ ኣብ ህዝቢ ጥቕሚ ዝበፅሐ ጉድኣት ዝላዓለ እንተኾይኑ፣ ፈፃሚ ገበን ብዘለዎ ብርኪ ስልጣን ናይቲ ገበን ኣፈፃፅማ ከቢድ ገይርዎ እንተኾይኑ ቅፅዓቱ ካብ 5ተ ዓመት ክሳብ 15ተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ 10,000 ክሳብ 100,000 ብር ገንዘባዊ መቕፃዕቲ ክም ዝበፅሕ ብመካባዲ ተሓጊጉ ይርከብ፡፡ ካብዞም ንኡስ ዓንቀፃት እዚኣቶም ምርዳእ ዝክኣል ደማ ከቢድ ገበን ምትላል ብሰራሕተኛ መንግስቲ ወይ ድማ ብሰራሕተኛ ህዝባዊ ትካል እንትፍፀም ብመሰረት ዓንቀፅ 32/1/ ክም ዝኸሰሰን ዝቕፃዕን ብንኡስ ዓንቀፅ 2 ድማ እዚ ሰራሕተኛ መንግስቲ ወይ ሰራሕተኛ ህዝባዊ ትካል እዚ ገበን ምትላል እንትፍፅም ዝረኸቦ ናይ ጥቕሚ መጠን ዝላዓለ ምኻን ወይ ድማ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ወይ ህዝባዊ ትካልን ህዝብን ብዘብፀሖ ጉድኣት መጠን ወይ ዘለዎ ብርኪ ስልጣን እናተርኣየ ቕፅዓት ክም ዝኸብድን እዩ፡፡

ዓንቀፅ 32/3/ ድማ እዚ ገበን ከቢድ ምትላል ዝተፈፀመ ኣብ ናይ ህዝቢ ምምሕዳር ወይ ኣብ ናይ ህዝቢ ግልጋሎት ወሃቢ ትካል እንተኾይኑ ክከም ኩነታቱ ብንኡስ ዓንቀፅ 1 ወይ ብንኡስ ዓንቀፅ 2 ናይዚ ሕጋገ ቅፅዓት ክም ዝቕመጠሉ ይሕግግ፡፡ ኣብዚ ልቢ ክባሃለሉ ዝግባእ ነጥቢ እንተሃለወ ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ብመሰረት መንነት ፈፃሚ ገበን ዝተሓገገ ሕጊ እንትኸውን እዚ መንነቱ ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተቐመጠ ገበን ፈፃሚ ዝፍፅሞ ገበን ድማ ብንኡስ ዓንቀፅ 2 ብዘሎ ኩነታት ክም ዝካበድን ቅፅዓት ክም ዝቕመጠሉን እዩ፡፡ ንኡስ ዓንቀፅ 3 ግና ፍልይ ብዝበለ መልክዑ ኣብዚ ኣዋጅ ካብ ዝተቐመጠ ዕላማ ብዝብግስ ምክንያት ኣብ መንግስታዊ ወይ ህዝባዊ ትካል ዝፍፀም ገበን ብውፂኢት ናይ ህዝቢ ጥቅሚ ዝጎድእ ብምኻኑ መንነት ፈፃሚ ገበን ከይፈለየ ገበን ዝተፈፀሞ ትካል ጥራሕ መሰረት

ብምግባር ዝተሓገገ ምኽኒ እዩ፡፡እዚ ማለት መንነት ፈፃሚ ዝኾነ ይኹን ሰብ ኮይኑ/ ዓንቀፅ 4/ እቲ ገበን ተግባር ዝተፈፀመሉ ትካል ጥራሕ መሰረት ዝገብር ምኽኒ እዩ፡፡

ብካልእ መዳይ እዚ ገበን ተግባር ቅድም ክብል ኣብ ገ/ሕ/ዓ 696 /ሐ/ ተሓጊጉ ዝነበረ ተግባር ገበን ምትላል ኮይኑ ቃል ብቃል ከም ዘለዎ ናብዚ ገበን ግዕዝይና ኣዋጅ ቑፅሪ 881/2007 ዓንቀፅ 32/3/ ዝመፀ እዩ፡፡ ገ/ሕ/ዓ 696 ድማ ኣብ ዓንቀፅ 36/1/ ኣብዚ ኣዋጅ ኣብ ዝተሸፈኑ ዋኒናት ተፈፃምነት ዘይብሎም ተባሂሎም ካብ ዝተጠቐሱ ሕግታት ሓደ ኮይኑ ንረኽቦ፡፡ ከቢድ ገበን ምትላል ብዝኾነ ይኹን ሰብ ኣብ ናይ ህዝቢ ምምሕዳር ወይ ኣብ ናይ ህዝቢ ግልጋሎት ወሃቢ ትካል ተፈፂሙ እንትርከብ ኣብ ዓንቀፅ 32/3/ ዝተሸፈነ ብምኳኑ ገ/ሕ/ዓ 696/ሐ/ ብመሰረት ዓንቀፅ 36/1/ ተፈፃምነት ዘለዎ ኣይኮነን፡፡እዚ ማለት ኣብ ገበን ግዕዝይና ኣዋጅ ዝተቀመጠ መእተውን ዕላማን መሰረት ብምግባር ኣብ ገ/ሕ/ዓ 696/ሐ/ ተሓጊጉ ዝነበረ ተግባር ከቢድ ምትላል ገበን ኣብ ገበን ግዕዝይና ክጠቓለል ዝግበእ ኮይኑ ስለ ዝተረኽበ ናብዚ ኣዋጅ ክሕቆፍ ዝተገበረ ከም ዝኮነ እዩ፡፡

ብሓፈሻ ገበን ግዕዝይና ኣዋጅ ቑፅሪ 881/2007 ዓንቀፅ 32/3/ ናይ ዓንቀፅ 32/1/2/ ተቐፅላ ገይርካ ዝውሰድ ዘይኮነስ ባዕሉ ክኢሉ ብዝኾነ ይኹን ሰብ ኣብ ናይ ህዝቢ ምምሕዳር ወይ ኣብ ናይ ህዝቢ ግልጋሎት ወሃቢ ትካል ከቢድ ገበን ምትላል ተፈፂሙ እንትርከብ ቀሊል እንትኾውን ብንኡስ ዓንቀፅ 1 ዘሎ ቅፅዓት ዘቕፅዕ ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 2 ዘሎ ባእታ ተማሊኡ እንትርከብ ድማ ኣብዚ ንኡስ ዓንቀፅ ብዝተቐመጠ ከቢድ ቅፅዓት ዘቕፅዕ ዓንቀፅ ብምኳኑ ተፀዋዕቲ ድማ ቀሪብሎም ዘሎ ክሲ ኣብ ናይ መንግስቲ ምምሕዳር ኣካል ከቢድ ገበን ምትላል ፈፂሞም ዝብል ክሳብ ዝኾነ በዚ ሕጊ ኽኸሰሱ ኣይግባእን ዝባሃለሉ ናይ ሕጊ ኣመክንዮ ስለ ዘየለ ስር ኣብያተ ፍርዲ ናይ ተፀዋዕቲ ተግባር ገበን ክሲ ኣብ ዝቐረበሎም ዓንቀፅ ኣይወድቕን ክሲ ክመሓየሽ ይግባእ ኢሎም ምውሳኖም መሰረታዊ ስሕተት ሕጊ ስለ ዝፈፀሙ ክእረም ይግባእ ተባሂሉ ተፈሪዱ ኣሎ፡፡

ከም ዘሰዕብ እውን ተወሲኑ ኣሎ።

ኣብ ክልል ትግራይ ቤት ፍርዲ ላዕለዋይ ቤት ፅሕፈት ፕሬዝደንት
Tigrai Region Supreme Court
President Office

# ው ሳ ነ

1. ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእኸል ምድብ መጋባእያ እንትጮ ብዕለት 26/3/2012 ዓ/ም ኣብ ፃ/መ/ቑ 04058 ዝሃቦ ብይን ከምኡ እውን ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ መጋባእያ ገበን ብዕለት 16/11/2012ዓ/ም ኣብ ይ/ፃ/መ/ቑ 122737 ዝሃቦ ውሳነ ብመሰረት ፃ/ስ/ስ/ሕ/ዓ 195/2/ ተሳዒሩ ኣሎ።
2. ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእኸል ምድብ መጋባእያ እንትጮ ብኣመልካቲ ኣብ ልዕሊ ተፀዋዕቲ ዝቀረበ ኽሲ ከመሓየሽ ዝግበኦ ስለዘይኮነ ከም ዘለዎ ካብቲ ዘቛረፀሉ ከይዲ ስነ-ስርዓት ተኸቲሉ ኣፃርዩ ዝመሰሎ ክውስን መዝገብ ብመሰረት ፃ/ስ/ስ/ሕ/ዓ 195(2(ሀ) ብነጥቢ ይመለስ ተባሂሉ ተወሲኑ ኣሎ።

# ት እ ዛ ዝ

1. ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእኸል ምድብ መጋባእያ እንትጮ በዚ ብነጥቢ ዝተመለሰሉ ኣግባብ ንክፍፅም ውሳነ ቅዳሕ ይላኣኽሉ።
2. ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ መጋባእያ ገበን ነዚ ውሳነ ክፈልጦ ቅዳሕ ናይዚ ፍርዲን ውሳነን ክበፅሖ ይገበር።
3. እዚ ብ7 ዳያኑ ዝተዋህበ ፍርዲን ውሳነን ብመሰረት ኣዋጅ ቁፅሪ/332/2012 ዓንቀፅ 20(1ንጎን) ንኽልእት ኣብያተ ፍርዲ ክልል ትግራይ እውን መገደዳይ ናይ ሕጊ ትርጉም ስለዝኾነ ቅዳሕ ናይዚ ፍርዲን ውሳነን ንኹሎም ኣብያተ ፍርዲ ክልል ትግራይን መጋባእያታት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይን ክፍልጥዎ ይገበር
4. መዝገቡ ብውሳነ ዕልባት ስለ ዝረከበ ናብ ቤተመዛግብቲ ይመለስ።

ዘይንበብ ናይ 7ተ ደያኑ ፌርማ ኣለዎ